


ቅዱስ ኤጲፋንዮስ

ከም'ቲ ሓዲሽ ተኽሊ ብማይ ሕይወት ዝረክብ፣ ከምኡ ከኣ ገድሊ ቅዱሳን ንክርስትያን ሕይወት ዝህብ ጥዑም ምግቢ እዩ። ማር ይስሐቅ

Author: Tesfay Rezene
Editor: Ataklit Kiros
Tesfayergebre@gmail.com
301-675-7456

ኣብ ዝሓልፈ ናይ “ቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቅን ቅዱስ ኤጲፋንዮስን”ታሪኽ ትንክፍ ኣብ ዘበልናሉ ፣ ብዙሓት ኣሕዋት ከም ዘንበብዎ ድሕሪ ምርኣይ ናይ ቅዱሳን ታሪኽ ከሰምዓ ዝተተኽላ ኣእዛን ከም ዘለዋ ተገንዚበ ኩላትና ንካፈለሉን ብፍልጠት ንዓብየሉን ነገረ ቐዱሳን ንምቐራብ ኣድህቦይ፣ ሓሰበይ፣ ኩሉ ናብኡ ጌረ፣ ታሪኽ ቅዱሳን ኣቦታት ከድህስስ ፈተኹ። ብፍላይ ከኣ ታርኽ ቀዳሞት ክርስትያን። ቅድስቲ ቤተ ክርስትያና እትኾርዓሎም፣ ለይትን መዓልትን ብጾምን ፣ ብጸሎትን፣ መጻሕፍቲ ብምምርማርን ዝፍለጡ መንፈሳዊያን ኣቦታት ኣብ ታሪኽ ቤተ ክርስትያን ዘይጠፍእ ፍሉይ መኣዛ ገዲፎም ዝሓለፉ ብዙሓት ቅዱሳን ኣለዉ። “ተዘከሩ መኳንንቲክሙ ዘነገሩክሙ ቃለ እግዚኣብሔር እንዘ ትሬእዩ ሠናየ ግእዞሙ ወተመሰሉ በሃይሞኖቶሙ” (ነቶም ቃል እግዚኣብሔር ዝነገሩኹም መራሕቲኹም ዘክርዎም ፡ ከመይ ኢሎም ከም ዝነበሩን ከም ዝሞቱን ኣስተውዒልኩም ኣሰር ኣሰር እምነቶም ስዓቡ” (ዕብራ 13 ፡ 7) ከም ዝበለ ቅዱስ ጳውሎስ ፡ ኣቦታትና ምፍላጥ ፡ ታሪኾምን ትምህርቶምን ኩሉ ምምርማር መንገዶም ድማ ምኽታል ስለ ዘድልየና፣ ካብቶም ቅድስቲ ቤተ ክርስትያን እተኽብሮም ቅዱሳን ኣቦታት ሓደ ዝኾነ “five-tongued” (በዓል ሓሙሽተ መልሓስ) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ታሪኹ፣ ንበረኽት ክኾነና ሓቢርና ብመንፈስ ቅዱስ ተጸሚድና ንርአ። መሰረት ናይ’ዚ ጽሑፍ ፣ ታሪኽ ናይ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ዝነግር መቐድም ናይ መጽሓፈ ስነ ፍጥረት ወይ ከኣ“መጽሓፈ አክሲማሮስ ዘቅዱስ ኤጲፋንዮስ” ኮይኑ ከምኡ ኽኣ መጽሓፈ ስንክሳር (ግንቦት 17) እዩ። ብተወሳኺ ኣብ መወዳእታ ከም ዝዝርዝሮም ምስ ናይ ቤተ ክርስትያን ታሪኽ ዘይጋጮ ዝተፈላለየ ምንጪ ተጠቂመ ኣለኹ። እግዚኣብሔር ምስ ኩልና ይኹን መንፈስ ቅዱስ ዝተሓወሶ ንባብ።

ኤጲፋንዮስ (Epiphanius) ካብ ናይ ላቲን ስም ፣ ንሱ ድማ (Επιφανιος) ካብ ዝብል ናይ ግሪኽ ስም ዝተወስደ ኮይኑ፣ ቃሉ “επιφανεια” ካብ ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል ዝወጸ እዩ። ትርጉሙ ከኣ (appearance, manifestation) ምርኣይ ፣ ምግላጽ ማለት እዩ። ነዚ ስሙ ምስ ግብሩ ኣወሃሂዱ: ብቐድስና መዓሙቕ ናይ ምስጢር ጨንዲሑ ብምሕላፍ ዓበይቲ ርስቲ ንወለዶታት ዝገደፈ አቦ፣ ቅዱሳን አቦታት ትርጉም ስሙ ኣስፊሑም ኽገልጹ ከለዉ “ከሣቲ ምስጢር ፡ ገላጺ ፡ ከፋቲ ፣ ኣርኃዊ ማዕጾ ፣ ኣስተርእዮ፣ ብዛዕባ [ፀፀ [22] ሥነ ፍጥረት[1] ዝረኣየን፣ ዝገለጸን፣ ንኻልኦት ጽሒፉ ዘርኣየን ማለት ኢዩ” ብምባል ይገልጹ። ሃለቃ ኪዳነ ወልደ ክፍለ ብዛዕባ ትርጉም ስሙ ኣብ ዝገለጹሉ መጽሓፎም ፣ ኣብ ገጽ ፪፻፶ [250] “በዓለ ኤጲፋንያ ዘውእቱ በዓለ ኣስተርዮ” ብምባል ይገልጽዎ።

[1] ናይ ሽዱሽተ መዓልታት ስነ ፍጥረት።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ዝተወልደሉ ዓመተ ምህረት ኣብ መጽሓፈ ስንክሳር ኮነ ኣብ መቐድም ናይ መጽሓፍ አክሲማሮስ ኣይገልጽን። አብ ናይ ግብጺ ቄብሳይት Copticchurch.net Bashons 17. ከም ዝገልጾ ዝተወልደሉ ብ 42 ዓ.ም ይብል። ምስ ናይ ታሪኽ መዛግብቲ ኮነ ፣ ምስ ናይ ቤተ ክርስትያን ጽሑፋት ስለ ዘይከይድ ፣ ናይ ጸሓፍቲ ጌጋ ዘለዎ ይመስል። መኽንያቱ ኣብ ዝሓለፈ ታሪኽ ናይ ቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቅ ከም ዝራእናዮ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ምስ ቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቅ ተራኺቡ ፣ ብዛዕባ መጽሓፈ አርጌንስ ከም ዘይተረዳደኡ ሪእና ኔርና። ቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቅ ዝነበረሉ ብ347-404 ዓ.ም ካብ ኮነ ፣ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ዝነበረሉ ዘመን ውን ናይ ውሑድ ዓመታት እንበር ካብኡ ብዙሕ ራሕቂ ዘለዎ ኣይኮነን። ኮይኑ ግን ግብጻውያን ካብ ናትና ዝተፈለየ ምስ ‘‘ዘመነ ሰማእታት’’ ዝተተሓሓዘ መቐጸሪ ዘመን ስለ ዘለዎም ካብኡ ዝተላዕለ ክኸውን እውን ይኽእል ኢዩ። ካብ ናትና ሕልፍ ኢልና ኣብ ናይ ካልኦት ጸሓፍቲ ምስ እንርኢ ፣ ኣብ ናይ ግሪክ አርቶዶክስ ከምኡ ውን ኣብ ናይ ካቶሊክ ዕለተ ልደቱ ካብ 310 ክሳብ 315 ኣብ ዘሎ ዓመታት ክብል ከሎ,፣ ናይ ታሪኽ ጸሓፍቲ ከም በዓል ቶማስ ቦርን (Thomas Born) ከኣ ከም’ዚ ብምባል ይገልጹ “Besanduc, a village of Palestine. Epiphanius was born at this village in 320, was made bishop of Selamis (now Famagosta) in Cyprus, in 366, and died in 403, at the age of 83, in returning from Constantinople, where he had been to visit Chrysostom.” (Bourne, 1822. P.87) ብሕጽር ዝበለ ‘‘በሳንዱስ ኣብ ፍልስጤም ትርከብ ዓዲ ኮይና፣ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣብ’ዛ ዓዲ ብ320 ተወሊዱ፣ ብ366[2] ዓ.ም ከኣ ‘‘ፋማጎስታ’’ ኣበ ትበሃል ኣብ ምብራቓዊ ወገን ናይ ቆጵሮስ ኤጲስቆጶስ ኮይኑ ተሾመ፣ ብ403 ከኣ ንቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቅ ሪኡ ክምለስ ከሎ ኣብ መበል 83 ዕድሚኡ ብ403 ኣብ መንገዲ ዓረፈ ይብል።

መጽሐፈ አክሲማሮስ ከምኡ ውን መጽሓፈ ስንክሳር ከም ዝገልጾ ገዛ ናይ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ናብ ዐጸድ ናይ ቅዱስ ገብርኤል ቀረባ ነበረ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ካብ ኣይሁዳውያን ስድራ ዝተወልደ ፣ ስድራ ቤቱ ምሉእ ሕጊ ኦሪት ዝፍጽሙ ፣ ድኻታት ኮይኖም ፣ ብማሕረስ ሕይወቶም ዘመሓድሩ ነበሩ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ብንእሽኡ ኸሎ ኣቦኡ ክልተ ቆልዑ ገዲፉ (ቅዱስ ኤጲፋንዮስን ሓፍቱን) ዓረፈ። ስድርኡ ኣዚዮም ድኻታት ስለ ዝነበሩ ብዘይካ ሓደ ርጉም ኣድጊ ካልእ ዋላ ሓንቲ ኣይገደፈሎምን። ኣዲኣም ትምህርቲ ኦሪት እንዳ መሃረት ኣዕበየቶም። ድሕሪ ቅሩብ ግዜ ግን ሽግር ምስ በርትዖም ፣ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ እቲ ሕሱም ኣድጊ ሸይጡ ከዕርፍ፣ ካብኡ ዝረኸቦ ኣተዊ ጌሩ ድማ ንባዕሉ ክረድእ መኽረቶ። እዛ ምኽሪ ምኽንያት ድሕነት እትኸውን ምኽሪ ነበረት። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ምኽሪ ናይ እዲኡ ተቐቢሉ ኣድጉ ኽሸይጥ ኣንዳ ኸደ ከሎ ፣ ምስ ሓደ

[2] 367 ዓ.ም ይብል ካልኦት ጽሑፋት ከኣ።

ጻድቅ ፊላታዎስ ዝተባህለ ክርስትያን ተራኸበ። ኣድጉ ከገዝኣሉ ደልዩ ምስ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ደው ኢሉ ዋጋ ዕዳጋ እንዳ ገበረ ኸሎ ፣ ርጉም ኣድጊ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ብእግሩ ረገሐ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣብ ምድሪ ብምውዳቕ ንሞት ቀረበ።

ኣባ ፊላታዎስ ከኣ ናይ መስቀል ምልክት ኣብ ኮላሊቱ ብስም ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኢሉ ምስ ኣማዕተበሉ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ካብ ቃንዛኡ (ሕማሙ) ድሒኑ ፣ ጭራሽ ቃንዛ ከም ዘይነበሮ ኮነ። ካብ'ዚ ንደሓር ኣባ ፊላታዎስ ኣብ ልዕሊ እዚ ክፉእ ኣድጊ ከም'ዚ ኢሉ ተዛረበ "ስሌና ብዝተሰቕለ ብጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ስም ንሞት ፈሪደካ ኣለኹ [ሞት ይግበኣካ] ምስ በሎ፣ እቲ ኣድጊ ብቕጽበት ሸዐ ንሸዐ ሞተ። "ነዞም ክልተ ተኣምራት ማለት ካብ ኣፍ ሞት ምድሓኑ ፣ ርጉም ኣድጉ ኸኣ ንሞት ምፍራዱ ሪኡ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ "ብስሙ ተኣምራት እትገብረሉ ፣ ዝተሰቕለ ኢየሱስ ክርስቶስ ንሱ መን'ዩ" ኢሉ ንኣባ ፊላቶዎስ ሓተቶ" ክብል ከሎ ካብኡ ብዘይፍለ ኸኣ ኣንድምታ መጽሓፈ ቅዳሴ ገጽ 379 "ናተይ ዘመድ ዕሩቅ ብእሲ ኢሎም ሰቂሎም ዝቕተልዎ ኢየሱስ ክርስቶስ ዲዩ?" ኢሉ ሓተቶ ይብል። ነገር ግን ክልቲኡ ሓደ ዓይነት ሕቶ እዩ። መሰረት ናይ ድሕነት ዝኾነ ሕቶ። ቅዱስ ፊላታዎስ ንሕቶኡ ፣ መሰረት ናይ ኦርቶዶስ ቤተ ክርስትያን ዝኾነ ፣ ኣቀዲሙ ብቅዱስ ጴጥሮስ ዝተዋህበ መልሲ ፣ ካብ መጀመርትኡ ከሳብ ፍጻሜኡ ነገረ ተዋህዶ ፣ ምስጢረ ስጋዌ ኣጠቓልል ኣቢሉ"ንሱ ናይ ክብሪ በዓል ቤት፣ ወልደ እግዚኣብሔር፣ ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ኣይሁድ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝሰቐልዎ ኢዩ" በሎ። ናይ ክብሪ በዓል ቤት ወልደ እግዚኣብሔር ብምባል ፍጹም ኣምላኽነቱን ፣ ቀዳማዊ ልደቱን፣ "ኢየሱስ" ብምባል መድሓኒት ምኻኑ፣ "ክርስቶስ" ብምባል ከኣ ክቡር ኣምላኽ (ቅቡእ) ምኻኑ ፣ ክብሩ (ቅብኣቱ) ከኣ ገንዘቡ ከም ዝኾነ ንምግላጽ ናይ ክብሪ በዓል ቤት ብምባል ገለጾ። ብሞቱ ከም ዘድሓነና ንክገልጽ ከኣ ኣይሁድ ዝሰቐልዎ ብምባል ነገረ ተዋህዶ (ምስጢረ ሥጋዌ) ኣብ ሓንቲ ምሉእ ሓሳብ ኣጠቓሊሉ ነገሮ። እዚ ኸኣ ኣብ ንጹህ፣ ክቡር፣ ብሩህ ሕልና፣ ኣብ ልቢ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ተቐርጸ። ኣብ'ዚ ወርሓት ሓደ በዓል ጻጋ [ሃብታም] ኣይሁዳዊ ነበረ። ኣኮኡ (ሓዋ ነዲኡ) ይብሎ መጽሓፈ ቅዳሴ። ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ወሲዱ ሕጊ ኦሪት እንዳ መሃረ ኣዕበዮ። ዝሞተሉ ግዜ ኣብ ዝቐረበሉ እዋን ወሉድ ስለ ዘይነበሮ፣ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ሕጊ ኦሪት ምሂሩ ፣ ኩሉ ሃብቱ ኣውረሶ።

ካብ ዕለታት፣ ሓደ መዓልቲ ኣብ መንገዲ እንዳ ኸደ ከሎ ሉክያኖስ[3] ዝተባህለ ጻጋ እግዚኣብሔር ዝመልኦ ዓቢ መነኮስ ረኺቡ ምስኡ ተጓዕዘ። ንሱ ጻጋ እግዚኣብሔር ዝመልኦ ዓቢ መንፈሳዊ ኣቦ ነበረ። ሓቢሮም በሓደ እንዳ ኸዱ ከለዉ ድማ ሓደ ድኻ ኣብ መንገዲ ረኺቡ ምጽዋት ንኽህቦ ነቲ መነኮስ ለመኖ። ኣባ ሉክያኖስ ግን ገንዘብ ስለ

[3] ኣባ ሉክያኖስ "ፊላታዎስ" ውን ይብሎ እዩ። መቅድም ኣንድምታ ቅዳሴ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ገጽ. 379።

ዘይነበሮ ጽጉሪ ርእሱ ዝኸድነላ ዝነበረ ነጸላ ላውሪዱ ነቲ ድኻ ሃቦ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ንቐዱስ ሉክያኖስ ናይ ብርሃን ልብሲ ካብ ሰማይ ክወርዶ ኸሎ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ረኣየ። ነዚ ግሩም ተኣምር ሪኡ ከኣ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ተደኒቑ ፣ ኣብ እግሪ ኣባ ሉክያኖስ ወዲቑ ብምስጋድ "'ንስኻ መን ኢኻ፣ እንተይ ኢዩ'ኸ ሃይማኖትካ" ብምባል ሓተቶ። ኣባ ሉክያኖስ ክርስትያን ከም ዝኾነ ምስ ነገሮ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ክርስትን ንኽገብሮ ንኣባ ሉክያኖስ ለመኖ። "'ንሱ ድማ ንቐዱስ ኤጲፋንዮስ ወሲዱ ናብ ሓደ ኤጲስቆጶስ ኣብጸሖ"[4]። እቲ መነኮስ ከኣ ጥምቀት ኣጠሚቑ፣ ናይ ቤተ ክርስትያን ትምህርትን፣ ስርዓትን ኩሉ መሃሮ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ሕይወት ቅዱሳን ኣቦታት ስለ ዝረኣየ "እነ መነኮስ ክኸውን ይደሊ ኣለኹ በለ"። እቲ መነኮስ ከኣ ብዙሕ ገንዘብ ሒዝካ ክትምንኩስ ኣይትኽእልን ኣይግበኣካን ውን በሎ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ግን ነዚ ሰሚዑ ነቲ ዝለዓለ ሰማያዊ ነገር ስለ ዝጠመተ ንሓፍቱ ኣምጺኡ ጥምቀት ክርስትና ኣጥመቖ ፣ ኩሉ ገንዘቡ ኸኣ ንድኻታትን፣ ንሰብኡተን ዝመቱወንን፣ ንዘክታማትን፣ ንቤተ ክርስትያንን ከፋፈሉ ሃበ። መጻሕፍቲ ናይ ቤተ ክርስትያንን ናይ ሕግን ከኣ ካብኡ ገዝኣ። ምንኩስና ተቐቢሉ ናብ'ታ ንዕኡን፣ ንሓፍቱን ምክንያት ጥምቀት ዝኾነት፣ ናብ ገዳም ናይ ቅዱስ ሉክያኖስ ኣተወ። ኣብ'ዚ ግዜ ወዲ ዓሰርተ 16 ዓመት ነበረ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ብንእሱ መነኮስ ኮይኑ ድሕሪ ጥምቀቱ ነገረ መለኮት ተማህረ። ከምኡ ከኣ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ብዝርዝር ሓሙሽተ ቋንቋታት ፣ Hebrew, Syriac, Egyptian, Greek, and Latin (ዕብራይስጥ ፣ (ሱርስት ግብጺ (ኮፕት) ፣ ግሪክ ከምኡ ከኣ ላቲን) ይዛረብ ነበረ"።[5] ናይ ቀረባ ፈተውቱ ድማ ቅዱስ ጀሮም ፣ ሩፊኖስ፣ ከምኡ ከኣ ቅዱስ ዮሐንስ ናይ ኢዮሩሳሌም ካልኣይ ኤጲስ ቆጶስ ነበሩ። ቅዱስ ጀሮም ሓሙሽተ ቋንቋታት ብምዝራቡ "Pentaglosson" (five tongued) "በዓል ሓሙሽተ መልሓስ" ዝብል ቅጽል ስም ዝሃቦ እዩ። ብናይ ቤተ ክርስትያን ትምህርቲ ዝለዓለ ደረጃ ዘብጸሖ ኣብ ግብጺ ዝወሰዶ ናይ ሓሙሽተ ዓመተ ትምህርቲ እዩ ዝብሉ ጸሓፍቲ ኣለዉ። መጻሕፍቲ ናይ ኣርጌንስ ዝመርመረሉ እውን ኣብ ግብጺ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ ከይኮነ ኣይተርፈን" ይኹን እንበር ኣብ ግብጺ ዝጸንሓሎም ዓመታት ኣርባዕተ ዓመት ከም ዝኾኑ ዝዛረቡ እውን አለዉ።

ድሕሪ ገዳም ምእታዉ ኣባ ኢላርዮስ (ኤላርዮስ) ዓቢ (Saint Hilarion the Elder) ረኸቦ፣ ኤላርዮስ ብዕድመ መንእሰይ፣ ብገድሊ ግን ሸማግለ ነበረ። ቅዱስ ኤላርዮስ ረድኢ ናይ አቡነ እንጦንስ ዝነበረ ኾይኑ ኣብ ፍልስጤም ተወሊዱ ናብ ግብጺ ብምምጻእ ረድኢ ናይ አቡነ እንጦንዮስ ዝኾነ'ዩ። ኣብ ታሪኽ ናይ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ

[4] ምስ ሓብቱ ናብ ገዳም ወሲዱ ኣጥመቆ ይብል መጽሓፈ ቅዳሴ። ነገር ግን ክልቲኡ ኣይፈላለን፣ ሓደ እዩ። ገጽ. 379።
[5] Hebrew, Syriac, Egyptian, Greek, and Latin.(CNA Feast day: May 12)

ከም ንሪአ ጸኒሑ ናብ ፍልስጤም ተመልሰ። በቲ ግዜ ታሪኽ ናይ ቅዱስ አቡነ እንጦንዮስ ሰሚዖም ከሪእዎም ናብ ምድረ በዳ ናይ ግብጺ ማለት ናብ በረኻታት ግብጺ ካብ ዓለም ምሉእ ይመጹ ነበሩ። ቅዱስ ኤላርዮስ እውን ካብዞም ገድሊ ናይ አቡነ እንጦንዮስ ሰሚዖም ዝመጹ ሓደ ከይኮነ ኣይተርፍን። ይኹን እንበር ድሕሪ ናብ ፍልስጤም ምምላሱ ቅዱስ ኤላርዮስ ንዕስራ ዓመት ብብሕትውና ካብ ሰብ ተሓቢኡ ዝነበረ ኮይኑ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ብፍሉይ ዝሃነጾ መንፈሳዊ ኣቡኡ እዩ። ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ብርሚ ዘትሓዞ ቐንዲ ምክንያት ገድሊ ናይ ቅዱስ ኤላርዮስ ንምጽሓፍ ኢሉ ከም ዝኾነ ይነገር። (Footnote 5)

እንበኣር ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣብ ፍልስጤም ኣከሊለ ምንኩስና ብምሃብ ምሉእ ሕገ ምንኩስናን፣ ስርዓተ ክርስትናን ኣስተምሃሮ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ጸጋ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊኡ ሓዲሩ ስለ ዝነበረ ሕገ ቤተ ክርስትያንን፣ ስርዓተ ምንኩስናን ኣብ ሓጺር ግዜ ኣጽንዐ። ጸኒሑ ናብ ግብጺ ብምኻድ ኣብኡ ንቐሩብ ግዜ ጸነሐ። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ዝኸውን ፣ ዕድሚኡ ወዲ ዕስራ ምስኮነ "ብ333 ዓ.ም ኣከባቢ ናብ ፍልስጤም ተመሊሱ ፣ ኣብ ጥቓ እታ ዝተወለደላ ዓዲ ገዳም መስረተ"[6]። ካብ ግብጺ ዝተመልሰሉ ምኽንያት፤ ካብ ውዳሴ ኮንቱ ንምህዳም ይመስል። ኣብ'ዚ ግዜ ዓቢ ተኣምራት ብምስራሕ ፣ ሙታን ክሳብ ምትንሳእ፣ ሰይጣን ካብ ሰባት ምውጻእ፣ ካብ ደረቅ ምድሪ ማይ ምፍልፋል ፣ ብዘይ ግዜኡ ብዙሕ ዝናብ እንዳ ኣዝነበ ብገድሉን፣ ብትሩፋቱን ፍጹም ነበረ። ቅድስንኡን ፣ ፍልጠቱን ኣብ ኩሉ ከባቢኡ ተሰምዐ። "ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ውዳሴ ኮንቱ ስለ ዝፈርሐ ነቲ ዝመስረቶ ገዳም ገዲፉ ናብ ስባንድርዮም (Spanidrion) ዝበሃል ምድረ በዳ (ገዳም ይብሎ ኣብ ሓድ ሓደ ጽሑፋት) ኸደ። ኣብ መንገዲ ኸኣ ሸፋቱ ረኺቦም ንሰለስተ ወርሒ ሓዝዎ። ንሱ ብዛዕባ ንሰሓ ምሂሩ ሓደ ካብቶም ሰረቕቲ ብክርስትና ኣእሚኑ ኣጥመቐ ዮሐንስ ዝበለ ስመ ክርስትና ሃቦ"።[7] እቲ ሸፍታ ድማ እሙን ረድኢ ናይ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ብምኽካን ኩሉ ናይ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ገድልን፣ ተኣምራትን ብሰነድ ሓዞ።

ገድሉ ሰሚዖም ካብ ኩሉ ከባቢታት ይስዕብዎ ነበሩ። እዚ ሪኡ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ካብ ውዳሴ ኮንቱ ክድሕን ካልኣይ ግዜ ንዮሐንስ ረድኡ ሒዙ ናብ ምድረ በዳ ሃደመ። ይኹን እንበር ናብ በረኻታት ከይተረፈ ተኣምራቱ ሰሚዖም ብዙሓት ይስዕብዎ ነበሩ። ንሱ ከኣ ሓዲሽ ገዳም መስሪቱ እንዳ መሃረ ብዙሓት ኣርድእቲ ኣፍረየ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ብሕጊ ኣይሁድን ሕጌ ቤተ ክርስትያንን፣ ዝተሳሕለ በዓል ምልእ ፍልጠት ነበረ። በዚ ምኽንያት ምስኡ ክከራኸሩ ብዙሓት ኣይሁድ ናብኡ ይመጹ ነበሩ። ንሱ ኸኣ ስሕተቶም እንዳገለጸን ጌጋኦም እንዳረደኦን ብትምህርተ ክርስትና ኣእሚኑ ጥምቀተ ክርስትና የጠምቐም ነበረ። ከምኡ ኸኣ ዮናናውያን ብትምህርቱ ተመሊሶም ናብ ናይ ክብሪ

[6] Eternal Word Television Network "www.ewtn.com" Feast: May 12
[7] Orthodox church in America St Epiphanius the Bishop of Cyprus: Commemorated on May 12

በዓል ቤት ዝኾነ ጎይታናን፣ መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ናብታ ሐዋርያዊት እምነት ናብ ኦርቶዶክስ ይዘንቡ ነበሩ። ‘‘ድሕሪ ቅሩብ ግዜ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ካብ ገዳም ወጺኡ ናብ ኢየሩሳሌም ንኣምልኾ (ክሳለም) ኣተወ’’። ተሳሊሙ ኽምለስ ከሎ ኽኣ ናብ ገዳም ናይ ስባንድርዮም (Spanidrion) ኣልገሰ። ኣብ’ዚ ግዜ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣብ ገዳም ናይ ስባንድርዮም ከም ዘሎ ፈሊጦም ናይ ሊስያ (Lycia) ምእመን ፖሊቢዮስ (Polybios) ዝተባህለ መነኮስ ልኢኾም ዝነበሮም ኤጲስ ቆጶስ ከም ዝዓረፈ ነጌሮም ኤጲስ ቆጶስ ንኽኾኖም ለመንዎ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከኣ እዚ ሰሙዑ ናብ ምድረ በዳ ናይ ፓቲሲኣን (Pathysian) ናብ ቅዱስ ኤላርዮስ ዝነበሮ ሃዲሙ ምስኡ ንክልተ ወርሒ ብጸሎት ኣሕለፎ። ድሕሪ ክልተ ወርሒ ከኣ መምህሩ ቅዱስ ኤላርዮስ ፍቓድ እግዚኣብሔር ከም ዝኾነ ናይ ቆጵሮስ ኤጲስ ቆጶስ ዝኸውን ከኣ ንሱ ከም ዝኾነ ፈሊጡ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ናብ ሰላሚስ ሰደዶ።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ መምህሩ ቅዱስ ኤላርዮስ ከም ዝኣዘዞ ከይዱ ኣብ’ቲ ቦታ በጸሐ። ጳጳሳት ተኣኪቦም ጳጳስ ንምምራጽ ኣብ ዝተዳለውሉ ክብሪ ንዕኡ ይኹን፣ ናይ ክብሪ በዓል ቤት ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ‘‘ናብ ዕዳጋ ኪድ’ሞ ኣብ ኢዱ ክልተ ወይኒ ዘለላ ዝሓዘ መነኮስ ክትረክብ ኢኻ ፣ ምስኡ ኽኣ ክልተ መነኮሳት አለዉ፣ ስሙ ሕተቶ፣ ስመይ ኤጲፋንዮስ ኢዩ ክብለካ ኢዩ፣ ንዕኡ ሓዞ ፣ ኣብ ኢዱ ዘሎ አግዲፍካ ሒዝካዮ ምጻእ’’ ክብል ንሓደ ካብቶም ኤጲስ ቆጶሳት ነገሮ። እቲ ኤጲስ ቆጶስ (ጳጳስ ፓፕያስ)[8] ከኣ ከምቲ ናይ ክብሪ በዓል ቤት ጎይታናን መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝበሎ፣ ኣብ’ቲ ዝተሓበሮ ቦታ ረኺቡ ናብ ቤተ ክርስትያን ወሲዱ መዓርገ ዲቁና ፣ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ኽኣ መዓርገ ክህነት ሸሞ ከብል ከሎ መጽሓፈ ኣክሲማሮስ ፣ ኣንድምታ መጽሓፈ ቅዳሴ ገጽ 379. ከኣ ናይ ቆጵሮስ ኤጲስ ቆጶስ ቅድሚ ሙማቱ ዲቁና ፣ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ከኣ ክህነት ከም ዝሸሞ ፣ ድሕሪኡ ኤጲስ ቆጶስ ከም ዝኾነ ይገልጽ። ከምኡ ከኣ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ናይ ሓዘን መዓልታት ኣብ ገዳም ዘሕልፎ ይመስል። ቅዱስ ፓፕያስ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ናብ ቤተ ክርስትያን ወሲዱ ናብ ማሕበረ ምእመናን ጳጳሳት ዘለውዎ ኣእተዎ። ንሱ ከኣ ጳጳሶም ንኽኸውን ፍቃደኛ ከም ዝኾነ ገለጸ ብሕጋዊ፣ ብስርዓተ ቤተ ክርስትያን ከኣ ብ367 ዓ.ም ናይ ቆጵሮስ ኤጲስ ቆጶስ ኮይኑ ተሾመ። ኣብ መጨረሽታ ቅዱስ ፓፕያስ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስን ከምኡ ከኣ ምእመና ፍቃድ እግዚኣብሔር ምኻኑ ሪኡም ደስ ንኽብሎም ኢሉ እቲ ዝረኣዮ ራኢ ንህዝቢ ገለጸሎም። በዚ ኽኣ ምእመናን ብዙሕ ተሓጎሱ። ቅዱስ ኤጳፋንዮስ ብ367 ናብ ኢዮሩሳሌም፣ ሮማ፣ ቀጵጥንጥንያ፣ ከምኡ ከኣ ናብ ሶርያ ከደ። ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ሓድነት ቤተ ክርስትያናት ተረሓሒቁ፣ ብዙሕ ክሕደታት ከኣ ከም ዝረኸበ ይግለጽ። እዚ ክሕደታት ፍረ ኣርዮሳዊያን

[8] Bishop Papius, (ጳጳስ ፓፕያስ) የብሎ ናይ OCA May 12.

ከይኩነ ኣይተርፍን። ከምኡ ውን እታ ኣብ ታሕቲ ተገልጻ ዘላ 80 ክሕደታት ምስ መልሱ እትገልጽ መጽሓፉ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ዘጽነዖም (ዝረኸቦም) ኽሕደታት ኣርዮሳዊያን ዝዘርእዎም ከይኮነ ኣይተርፍን።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣብ ክርስትና ተሪር መርገጺ ዝነበሮ ኮይኑ ርእሲ መናፍቓን ዝሃርመሉ ጽኑዕ ሓለንጊ ዝሓዘ እቦ እዩ ኔሩ። ምሉእ ትምህርቲ ወንጌል፣ ንቅድስና፣ ዓለማዊ ፍልጠት፣ ከምኡ ወን ናይ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ናይ ምዝራብ ጸጋ ብምሓዙ ንኹሎም መናፍቓን የረኻኽበሎም ነበረ። ዝገርም ነገር ግን ኣርዮሳዊያን ዳርጋ ንኹሎም ቅዱሳን ኣቦታት ንገለ ካብ መንበሮም፣ ንገለ ካብ ሀገረ ስብከቶም፣ ንገለ ካብ ሃገሮም፣ ንገለ ከኣ ካብ ገዳሞም ከሳድድዎም ከለዉ ንቕዱስ ኤጲፋንዮስ ግን ቀሪበሞ ኣይፈልጡን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ናይ ሮማ ንግስቲ ሃኖሪያ (Empress Honoria) ሓብቱ ከም ዝኾነት ዝገልጹ ጽሑፋት ኣለዉ። (OCA May 12) ስለ'ዚ ምናልባት ኣርዮሳዊያን ካብ'ዚ ዝተላዕለ ፍርሒ ወሪዱዎም ከይኮነ ኣይተርፍን። ይኹን እንበር ካብ ኣርዮሳዊያን እኳ ብዙሕ ጸገማት የጋጥሞ እንተ ዘይነበረ ኮይኑ ግን ብዙሕ ጸርፍን ሕሜተን ግን ኣብ ልዕሊኡ ይወርድ ነበረ። ቅዱስ ጲፋንዮስ ብንጽህንኡን ብቅድስንኡን ኣብ ግዜ ቅዳሴ ኩሉ ግዜ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ መስዋእቲ ቅዱስ ቁርባን ከወርድ ይሪኢ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ግን ካብቶም ኣገልገልቲ ሓደ ስለ ዝተጠራጠረ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከግለጸሎ ኣይከኣለን። ሽዑ ሕሹኽ ኢሉ "ሎሚ መዓልቲ ኣብ'ዚ ምስጢር ክትሳተፈ ብቁዕ ስለ ዘይኮንካ ተኣለ"በሎ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ልክዕ ከም ቅዱስ ጴጥሮስ ብቤተ ክርስትያን ቀናእን ስምዒታውን ከም ዝነበረ ካብ ታሪኽ ሕይወቱ ክንመሃር ንኽእል። ነዚ ቀንዲ ኣብነት ዝኾኑና ክልተ ነገራት ኣለዉ። እቲ ቐዳማይ ንድሕነት ቅዱስ ዮሐንስ ኤጲስ ቆጶስ ናይ ኢየሩሳሌም ዝወሰኖ ውሳኔ ክኸውን ከሎ እቲ ኻልኣይ ከኣ ምስ ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቂ ዝነበሮ ዘይምርድዳእ እዩ።

ቅዱስ ዮሐንስ ናይ ቀረባ ዓርኩ ኮይኑ ኣብ ኢየሩሳሌም ኤጲስ ቆጶስ ተሸመ። ድሕሪ ግዜ ብፍቐሪ ገንዘብ ተታሊሉ ብዙሕ ነገራት ክገብር ጀመረ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ነዚ ሰሚዑ ናብ ኢየሩሳሌም ብምኻድ ካብቲ ዝነበሮ ገንዘብ ንኽለቅሖ ሓተቶ። ቅዱስ ዮሐንስ ገንዘብ ምስ ሃቦ ተቐቢሉ ንድኻታት ዓደሎ። ድሕሪ ግዜ ቅዱስ ዮሐንስ ገንዘቡ ንኽመልሰሉ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ምስ ሓተቶ ገንዘብ ከም ዘይብሉ ንድኻታት ከም ዝዓደሎ ነገሮ። ቅዱስ ዮሐንስ ከኣ ክዳኑ ስሒቡ ገንዘቡ ንኽመልሰሉ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ግዲ ኣብ ዝበሎ ግዜ ብትኣምራት ክልተ ዓይኑ ከም ዝዓውር ኮነ። በዚ ናብ ልቡ ተመሊሱ ዓይኑ ንኽኸፍተሉ ኣብ ዝለመኖ ግዜ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ሓንቲ ዓይኑ ከፊቱ እታ ካልኣይቲ ንምልክት ኽትከውን ገደፋ። ቅዱስ ዮሐንስ በዚ ናብ ልቡ ተመሊሱ ዘመኑ ምሉእ ቤተ ክርስትያን እንዳ ገልገለ ጸኒሑ ብሰላም ዓረፈ። እዚ ቅዱስ ቅንኣትን ተገዳስነትን ናይ

ቅዱስ ኤጲፋንዮስን ዘርኢ እዩ። እቲ ቀዳማይ ንድሕነት ቅዱስ ዮሐንስ ዝተጠቀሞ ሜላ ክኸውን ከሎ፣ እታ ካልኣይቲ ኸኣ ቤተ ክርስትያን ካብ ንቐፈታ ናይ ኣህዛብ ብኸምዚ መልክዕ ሓለዋ።

ምስ ቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቂ ዝነበሮ ዘይምርድዳእ ብዛዕባ ናይ ኣርጌንስ መጻሕፍትን፣ ናይ ኣርጌንስ ጉዳይን ኮይኑ ኣብ'ዚ ግዜ ወዲ 80 ዓመት ነበረ። ብ402 ዓ,ም ጉዕዞኡ ናብ ቀስጥንጥንያ ገበረ። ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቂ ጉዳይ ናይ ኣርጌንስ ሕጂ ክለዓል ጽቡቕ ኣይኮነ ዝብል መርገጺ ክሕዝ ከሎ፣ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከኣ ንሱን መጻሕፍቱን ከውገዙ ኣለዎም ዝብል መርገጺ ነበሮ። ኣብ ታሪኽ ናይ ቅዱስ ዮሐንስ ከም ዝተገልጸ ቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቂ ካብቶም ንአርጌንስ ዘድንቁ ኣቦታት ሓደ ክኸውን ከሎ፣ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከኣ ካብቶም ብጽኑዕ ዝቃወሙዎ ኣቦታት ሓደ እዩ። እዚ ተጠቂሞም ጸላእቲ ናይ ቅዱስ ዮሐንስ አፈወሪቂ ብጾም ብጸሎት ብኣገልግሎትን ቤተ ክርስትያን ከምኡ ከኣ ብዕድመ ደኺሙ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ከይፈለጠ ኣብ ናይ ጥፍኣት መጻወድያኡም ኣእትዮም ፣ አብ ልዕሊ ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቂ ጌጋ ርድኢት ከም ዝሕዝ ገበርዎ። እዚ ኸኣ ኣብ ሃገረ ስብከት ናይ ቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቂ አትዩ ካብ ቀኖና ወጻኢ፣ ማለት ኣብ ዘይሃገረ ስብከቱ ኣትዩ ክሳብ ሸመት ምሃብ፣ ቅዳሴ ምግባር፣ ከምኡ ውን ጉባኤ ክሳብ ምስራዕ በጽሐ። ቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቂ ኣብ መጨረሽታ መልእኽቲ ምስ ሰደደሉ ዘተባብዕዎ ዘለዉ ጸላእቲ ናይ ቅዱስ ዮሐንስ ከም ዝኾኑ ተገንዚቡ ናብ ሃገረ ስብከቱ ናብ ቆጵረስ ክምለስ ከሎ ‘‘ንቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቅ ‘‘ኣብ መንበርካ ከለኻ ኣይትመውትን’’ በሎ። ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ከኣ ‘‘በል ካብ በልካስ ንስኻ ውን ኣብ መንበረ ጵጵስናኻ ኣይትበጽሕን’’ ብምባለ ናይ ክልቲኦም ቅድስና ዝገልጽ ትንቢት ተዛረቡ። ናይ ክልቲኦም ቅድስና ንክረጋገጽ ከኣ ክልቲኦም ዝበልዎ ተፈጸመ። ቅዱስ ኤጲፋኒዮስ ናብ ቆጵሮስ ከይበጸሐ ኣብ መርከብ ከሎ 83 (93 ዝብሉ ውን ኣለዉ) ዓመቱ ግንቦት 17 ብ403 ዓ.ም ዐረፈ። ክቡር ዓጽሙ ከኣ ናይ ሰላሚስ ምእመና ተቀቢሎ ኣብ'ቲ ባዕሉ ዘስረሖ ሓድሽ ቤተ ክርስትያን ቀበርዎ። ቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቅ ከኣ ድሕሪ ቐሩብ መዓልቲ ናብ ስደት ኣምረሐ፣ ናብ መንበሩ ከይተመልሰ ከኣ ኣብ 60 ዓመቱ ግንቦት 12[9], 404 ዓ.ም ኣብ ስደት ከሎ ኣብ መንገዲ ዓረፈ።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ እግዚኣብሔር ብዝፈትዎ፣ ንቤተ ክርስትያን ብቐንዕናን ብእምነትን ኣገልገለ። ብዙሓት ድርሳናት ከኣ ደረሰ ፣ ካብዚኣቶም እቶም ተጠቀስቲ ፣ ኣብ ሃገርና ዘለዉ ሰለስተ መጻሕፍቲ፣ መጽሓፈ አክሲማሮስ ዘቅዱስ ኤጲፋንዮስ፣ (ክፋሊ ሃይማኖተ አበው) ከምኡ ኸኣ ቅዳሴ ኤጲፋንዮስ ክኾኑ ከለዉ ናብ ትግርኛ ኮነ ናብ ግእዝ

[9] ዲን ያርገል ኣብ ዝጻሓፈ መስከረም 14 ይብል ዕረፍቲ ናይ ቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቂ እነ ውን ካብታ መጽሓፍ ስለ ዝጸሞቅኩዎ ብኸምኡ እየ ኣውጺኣይ ዘለኹ።

ዘይተተርጎሙ ኸአ *"The Panarion of Epiphanius of Salamis"* ዝብል ክሳብ 80 ክሕደታት ምስ መልሱ ኣዳልዩ ከም ዝጸሓፈ፣ እቲ መጽሓፍ ከኣ ንመጀመርታ ግዜ ብእንግልኽ ብ1987 ጸኒሑ ድማ ብ1990 ዓ.ም ተተርጊሙ ከም ዝተሓትመ ይንገር። ካልእ ብሓፈሻ እዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዎ መጻሕፍቲ ብቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከም ዝተጻሕፉ ይገልጽ። ናይ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ታርኽ ዝጸሓፈ ዮሐንስ ረድኡ ኮይኑ፣ ድሓር ግን ንሱ ስለ ዝዓረፈ ፖሊቢዩስ (Polybios) ዝተባህለ ረድኡ ፣ ድሒሩ ድማ ሪኖሲረያ (Rinocyreia) ጳጳስ ዝኾነ ቀጸሎ። ናይ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ጸሎቱ በረኽቱ ምስ ኩላትና ይኹን። አሜን!!!!!

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ዝጸሓፎም መጻሕፍቲ

1. መጽሐፈ አከሲማሮስ, ክፋል ሃይማኖተ አበው, መጽሓፈ ቅዳሴ
2. *The Panarion of Epiphanius of Salamis, Book 1 (Sects 1-46) (Bk. 1)*
3. The Panarion of Epiphanius of Salamis: Book II and III (Nag Hammadi and Manichaean Studies) (Bks. 2 & 3)
4. Ancoratus (Fathers of the Church Patristic Series)
5. THE TREATISE OF ST. EPIPHANIUS ON WEIGHTS AND MEASURES
6. The Lamentations of Matins of Holy and Great Saturday; and also An Homily on the Burial of the Divine Body of Our Lord and Saviour Jesus Christ, on Joseph of Arimathaea, and on the Lord's Descent into Hades.... Paperback – Illustrated, 1981

Author: Tesfay Rezene and Editor: Ataklit Kiros
Email: tesfayergebre@gmail.com
Phone: 301-675-7456

Reference

ምስክር, (አባ ሠናይ). (1999 ግ.). *መጽሐፈ አክሲማሮስ ዘስድስቱ ዕለታት* (ገጽ. 5-7). ባሕር ዳር, ኢትዮጵያ ባሕር ዳር: አባ ሠናይ ምስክር

ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን. (198). *መጽሐፈ ቅዳሴ* (ገጽ. 379-380). ኣዲስ አበባ: ትንሣኤ ማተሚያ ድርጅት

ማኅበረ ሐዋርያት. (1981 ዓ.ም). *ወንጌል ቅዱስ* (ገጽ. 437) ኮከበ ጽባሕ ዘማኅበረ ሐዋርያት ፍሬ ሃይማኖት

ወለደ ክፍሌ, (አለቃ ኪዳነ). (1948 ግ.). *መጽሐፈ ሰዋስው ወግስ ወመዝገበ ቃላት ሐዲስ* (p. 250). ኣዲስ አበባ: በአርቲስክ ማተሚያ ቤተ

ኤርትራን ኦርቶዶስክ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን "*መጽሓፈ ስንክሳር*" ግንቦት 17.

Lives of Saints :: Mesra 17. (n.d.). Retrieved August 23, 2016, from http://www.copticchurch.net/classes/synex.php?month=9

Lives of Saints :: Mesra 17. (n.d.). Retrieved August 23, 2016, from http://www.copticchurch.net/classes/synex.php?month=9

St Epiphanius the Bishop of Cyprus. (n.d.). Retrieved August 23, 2016, from https://oca.org/saints/lives/2013/05/12/101356-st-epiphanius-the-bishop-of-cyprus

St. Epiphanius. (n.d.). Retrieved August 23, 2016, from http://www.ewtn.com/library/MARY/EPIPHAN.htm

Your CNA account. (n.d.). Retrieved August 23, 2016, from

http://www.catholicnewsagency.com/resources/church-fathers/biographies-of-church-fathers/st-epiphanius-of-salamis/